## ርእሰ ዓንቀጽ

# መጻኢና ብሩህ ንክኸውን.....!

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ 18 ዓመታት ዕድመ ስልጣኑ ብውሽጥን ብደገን ዝኸተሎም ጸረ-ሰላም ፖሊሲታቱ ድምር ውጽኢት፡ ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ኣርሓ ናይ ራዕድን ሽበራን ስርዓት ምዃኑ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ተቓሊዑ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ካብ'ዚ ጸረ ሰላም ባህርያቱ ተበጊሱ፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብዘወለዶ ኵናት ኣብ ጎንጽን ግርጭታትን ተሸሚሙ'ሎ። ብዋጋ ህላወን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ እናተቓመረ፡ ኩሉ ሰብኣውን ነገራውን ጸጋታት ሃገር፡ ንረብሓ ፋሽስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ዘሳወሮ ጸረ-ሰላም ወፍርታቱ ጸሚዱ፡ ንምጽናቱ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ። በዚ ጸረ-ሰላም ፖሊሲታት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብቐዳምነት ግዳይ ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራ'ዮም። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግራት ተረግሪጎም መጻኢ ህላዊኦም ጸልሚቱ፡ ኣብ ዝባኖም ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ኣንጸላልዩዎም ኣሎ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተኸተሎ ጸረ-ሰላም ፖሊሲ፡ ካብ ውሽጢ ናብ ደገ እናተወንጨፈ ዝኸይድ ብምዃኑ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ዝልክም ጠንቂ ከቢድ ናይ ጸጥታ ሓደጋ ምዃኑ'ውን ኣይተረፈን።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ንምውሓስ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዝጸነሐ ኣምሲሉ፡ ንብዓት ሓርገጽ ክነብዕ ይረአይ ኣሎ። እዚ ድማ ከምቲ *"ጽምብላሊዕሲ፡ መዓኮራ ዘይከደነት ምድሪ ከደነት"* ዝብል ምስላ ኣበው ካብ ምዝኽኻር ሓሊፉ ትርጉም የብሉን። ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ውሽጢ'ታ ዝጸበበት ፖለቲካዊ ማይ-ቤቱ ንዝኽሰቱ ፍልልያት፡ ብናይ ሓይሊ ስነሞጎት፡ ብምጭዋይ፣ ብምሕቃቕን ብምቕንጻልን ክውግኖም ዝመርጽ፡ ብጸረ-ደሞክራስን ጸረ-ሰላምን ኣገባብ ዝልለ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዩ። ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ብሓይሊ ጨፍሊቑ፡ ብራዕድን ሽበራን ኣምበርኺኹ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ካብ ባህሪኡ ወጻኢ ናይ ህዝቢ ሶማል ሽግራት ተሓለቒ ክኸውን ምፍታኑ፡ ተራ ኣሸካዕላል እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብዋጋ ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ብዋጋ ህልውን መጻእን ወለዶ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምውሓስ ክጣላዕ'ምበር፡ ብናይ ህዝብታት ሰላምን ርግኣትን ክሻቐል ዝገብሮ ባህርያት የብሉን፤ ኔርዎ ከኣ ኣይፈልጥን። ናይ'ዚ ሓቒ'ዚ ግብራዊ መርትዖ ክውንነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ እኹል ምትሩፍ'ዩ።

ማሕበረሰብ ዓለም ብሓፈሻ፡ ህዝብታት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ፡ ነዚ ሓደገኛ ኣንፈት ዝተኸተለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ናይ ጥፍኣት ፖሊሲኡን ንምዕጋት፡ ተቓውሞታቶም እናስምዑ'ዮም። ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ጀሚሮሞ ዘለዉ ተቓውሞ፡ መሰረታዊ ረብሓታቶም መሊኡ ብዘውሕስ መንገዲ፡ ንምጽንባል፡ ቅኑዓት ዕላማታትን መሪሕ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ውድብን ዝሓትት ምዃኑ ዘየጠራጥር ሓቒ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ክሊ ዝተነጸሩ ቅኑዓት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታት ምውዳብን፡ ንምዕዋቶም ብጽንዓት ምቅላስን የድሊ።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ካብ ወጋሕትኡ ዝተሓንገጦም ናይ ሓፋሽ ወሳንነትን ልዕልነትን ዘረጋግጹ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታቱ ብናይ ሓፋሽ ተሳትፎ ንምዕዋት፡ ሎሚ'ውን ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ንምፍጻም ካብኡ ዝጥለብ እጃም ንምብርካት፡ ዓቲቡ ክቃለስ'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ዘካይድዎ ዘለዉ ሓያል ተቓውሞታት፡ ንቅድሚት ብምድራኽ ናብ ሓያል መኸተ ዘሰጋግርን ንዓወቶም ድማ ዘውሕስን፡ ኣንፈት ምኽታል ኣማራጺ ዘይብሉ መድረኻዊ ሕቶ ብምዃኑ፡ ዲሞክራስያዊ ዓቕምትታት ሰውራና ንምጥርናፍን ንምድልዳልን ብናህርን ሓላፍነታዊ መንፈስን ምቅላስ ከምዘድሊ ክንኣምን የድሊ። ብዘይ ዝተጠርነፈን ድልዱልን ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ውድብ፡ ቃልሲ ህዝብታትና ብዘተኣማምን ክዕወት ኣይክእልን። መጻኢና ብሩህ ምእንቲ ክኸውን፡ ምጥርናፍን ምድልዳልን ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንጽባሕ ዘይበሃል ውራይና ጌርና ክንጓየየሉ ይግባእ።